# ራእይ

## *መእተዊ*

***ሓፈሻዊ ትርጉም ራእይ፣***

- ነቲ መጻኢ እትርእዮ/ ኣብ መጻኢ ድሕሪ ዓመታት ዝረኣየካ ነገር ማለት እዩ።
- (ናይ መጻኢ ቦታኻን ክውንነትን ክትርዳእ ምኽኣል ማለት እዩ)

## ***መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ***

<u>ናይ ዝመጽእ ሰሙናት ናይ ነፍሲ ወከፉ ዝንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ</u>

1ይ ሰሙን – **ሙሴ** - ዘጸኣት 3, እብራውያን 11:25-29, - ***ራእይ ምቕባል***

2ይ ሰሙን – **ኣብራሃም** - ዘፍጥረት 12-22, እብራውያን 11: 8-12, 17-22 - ***ንራእይኻ መልሰ-ግብሪ ምሃብ***

3ይ ሰሙን – **ነህምያ** – ነህምያ 4:6, 13:30 - ***ንራእይኻ ምቕጻል***

4ይ ሰሙን – **የሱስ ክርስቶስ** – ፊሊጲ. 2:6-8, ኢሳይያስ 53, እብራውያን 12:2 - ***ንራእይኻ ዋጋ ምኽፋል***

5ይ ሰሙን – **ጳውሎስ** – ፊለጲ. 3:7-14 - ***ንራእይኻ ብቅንኣት ምሓዙ***

እዚ ትምህርቲ እዚ ብዓይነቱን ብኣገባቡ ኣመሃህርኡን ፍልይ ዝበለ ስለዝኾነ ነፍሲ ወከፍ መራሒ ንኣሽቱ ወሃዮታት መጀመርታ ንገዛእ ርእሱ ንሓደ ሰሙን ምስ ኣምላኽ ድሕሪ ምድላው ክምህሮ ኣለዎ። ምኽንያቱ ምሉእ ሓላፍነት ኣብ ልዕሊ ንኣሽቱ ወሃዮታት ከም ዝተዋህበኩም መጠን ንኩሉ ኣባል እቲ ንኣሽቱ ወሃዮታት ድማ ብኣገባብን ብሓላፍነትን ክንምግብን፣ ብኸም ዝጥዕመና መገዲ ክንምህርን ፍረን ናይ ህይወት ለውጢ ክንርኢ ይግብኣና እዩ።

ስለዚ መጀመርታ ኣብ ገዛእ ርእስኹም ተግባራዊ ብምግባር ነዚ ትምህርቲ ክትምህሩን፣ ኣብተን ዝቕጽላ ሓሙሽተ ሰሙናት ድማ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ነቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ ጥቅስታት ድሕሪ ምንባብ፣ ታሪኽ ህይወት ናይ ነፍሲ ወከፍ ናይ ኣምላኽ ሰብ ብምጽናዕ፣ ኣብ ናይ ነፍሲ ወከፍና ህይወት ተግባራዊ ከምዝኸውን ምግባር እዩ። ስለዚ እዚ ጽሑፍ ኩሉ ሰብ ተዳልዩን ነቲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፍና ሓሲብዎ ዘሎ ሓሳብ ተፈጻሚ ኣብ ምግባር እንዓይይ ክንከውን ክንዳሎ ይግባኣና እዩ።

### *ሰናይ ናይ መጽናዕቲ ግዜ!*

**1ይ ሰሙን**

## *ሰርጸት ብዛዕባ ራእይ (Inspiration)*

***መሪሕ ጥቕሲ፣***

**ምሳ 29:18 "***ራእይ ዘልቦ እንተ ኾነ፡ ህዝቢ ስዱ ይኸይድ፡…።"*

***ናይ ምስትንታን ሓሳባት፦*** ሕሰብ! ኣብ ማእከል ባሕሪ እንዳ ተጓዓዝካ መርከብ ተሰይራትካ፣ ተገፊዕካ ድማ ናብ ሓንቲ ደሴት ከምዝተጸጋዕካ ሕሰብ። ንስኻ ኣብ ማእከል ምንም ነገር ዘይብሉ፣ እንተ ጠመትካ ሰማይ እንተ ጠመትካ ድማ ባሕሪ ጥራይ ኣብ ዘለዎ ቦታ፣ እሞ ድማ ለይቲ ኮይኑ መስይካ። ኣብ ከባቢኻ እንታይ ከምዘሎ ኣይትፈልጥን ኢኻ። ኮይኑ ግና፣ ጸሓይ ከም ልማዳ ክትበርቕ እንከላ ግና እቲ ዘለኻዮ ቦታ ደሴት ምዃኑን ምንም ነገር ማለት ቴሌፎን ኮነ ፖስታ ዘይርከቦ፣ ኣዝዩ ጽምዋን ሰብ ዘይብሉን ኮይኑ ረኺብካዮ። ይኹን እምበር ሓንቲ ካብታ ዝተሰብረትካ መርከብ ዝተረፈት ንእሽተይ ጃልባ ሰብ ዘይብላ ረኺብካ። ንኸባቢኻ እንተረኣኻ ዝረኣየካ እቲ ሰማያዊ ሰማይን ባሕርን እንተዘይኮይኑ ካልእ የለን።

እምበኣር እታ መጀመርታ እትገብራ ነገር ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እንታይ እያ?

- ***ንመራሒ ሆምሰል:-***

   1. ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባል መልሲ መጀመርታ ስማዕን ተረዳኣዮን
   2. ብድሕሪ እዚ ነቲ ሓቀኛ (ክውንነታዊ) መንፈሳዊ ህይወት ብኸመይ ከምዝመላለስዎ ሕተቶም?
      - *ንነፍሲ ወከፎም ድማ 10 ደቃይቕ ንክልቲኡ ኣወሃሂዶም ንክሓስቡን ንክምልሱን ሃቦም።*

ካብዚ ቀጺልና ንነፍሲ ወከፍና "**ስለምንታይ ራእይ የድልየና**" ክንርኢ ኢና። ስለዚ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ትርጉም ባህርያት ራእይ እንታይ ምዃኑ ክንርኢ:

- **ሙሴ** – ምድሓን ደቂ እስራኤልን – ብንጹርን ብጥንቃቐን ዝረኣየ ***<u>(ራእይ ዝተቀበለ ሰብ)</u>***

   1. ናይ ሙሴ ናይ ህይወቱ ራእይ እንታይ እዩ ነይሩ?
   2. ***ሙሴ ራእይ ብኸመይ ተቀቢሉ? (ነዛ ሕቶ ኣስፊሕካን ንዝበለጸ መልሲ ደሊኻ ሕተታ)***
   3. መልሰ-ግብሪ ናይ ሙሴ እንታይ ነይሩ?
   4. ብከመይ መገዲ ንራእይኡ ስዒብዎ (pursue it)?
   5. እንታይ ዋጋ ንራእይኡ ከፊሉ?

**መጠቃለሊ ሓሳብ** - ኩሎም ናይ ኣምላኽ ሰባት ንራእይኦም ከም ማእከላይ መትከል ብምሓዝ፣ ነቲ ራእይ ዝነበሩ ሰባት እዮም። ማእከላይ መትከሎምን ዓላምኦምን ድማ እቲ ራእይኦም ጥራይ እዩ ነይሩ።

- ሕጂ ማእከላይ ትርጉም ናይ ህይወትካ ኣበይ ኣሎ?
- ማእከላይ መትከል ናይ ህይወተይ እትብሎ ነገር እንታይ እዩ?
- **ብሓቂ መልስ ሕጂ!** ምእንትኡ ኢልካ እትነበሉ ራእይ ኣሎካ'ዶ? ስለምንታይ?

**2ይ ሰሙን**

## *ስርጸት ብዛዕባ ራእይ (Inspiration)*

***መሪሕ ጥቕሲ፣***

**ግብ 26:19 "***...ነቲ ሰማያዊ ራእይ ኣይኣቤኽዎን።"*

***ናይ ምስትንታን ሓሳባት፣-*** ሕሰብ! ኣብ ማእከል ባሕሪ እንዳ ተጓዓዝካ መርከብ ተሰይራትካ፣ ተገፊዕካ ድማ ናብ ሓንቲ ደሴት ከምዝተጸጋዕካ ሕሰብ። ንስኻ ኣብ ማእከል ምንም ነገር ዘይብሉ፣ እንተ ጠመትካ ሰማይ እንተ ጠመትካ ድማ ባሕሪ ጥራይ ኣብ ዘለዎ ቦታ፣ እሞ ድማ ለይቲ ኮይኑ መስይካ። ኣብ ከባቢኻ እንታይ ከምዘሎ ኣይትፈልጥን ኢኻ። ኮይኑ ግና፣ ጸሓይ ከም ልማዳ ክትበርቕ እንከላ ግና እቲ ዘለኻዮ ቦታ ደሴት ምኳኑን ምንም ነገር ማለት ቴሌፎን ኮነ ፖስታ ዘይርከቦ፣ ኣዝዩ ጽምዋን ሰብ ዘይብሉን ኮይኑ ረኺብካዮ። ይኹን እምበር ሓንቲ ካብታ ዝተሰብረትካ መርከብ ዝተረፈት ንእሽተይ ጃልባ ሰብ ዘይብላ ረኺብካ። ንኸባቢኻ እንተረኣኻ ዝረኣየካ እቲ ሰማያዊ ሰማይን ባሕርን እንተዘይኮይኑ ካልእ የለን።

እምበኣር እታ መጀመርታ እትገብራ ነገር ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እንታይ እያ?

- ***ንመራሒ ሆምሰል:-***

    1. ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባል መልሲ መጀመርታ ስማዕን ተረዳኣዮን
    2. ብድሕሪ እዚ ነቲ ሓቀኛ (ክውንነታዊ) መንፈሳዊ ህይወት ብኸመይ ከምዝመላለስዎ ሕተቶም?
        - *ንነፍሲ ወከፎም ድማ 10 ደቃይቕ ንክልቲኡ ኣወሃሂዶም ንክሓስቡን ንክምልሱን ሃቦም።*

ካብዚ ቀጺልና እምበኣር ነፍሲ ወከፍና **"ኣብ *ራእይ* እንታይ *መልሰ-ግብሪ*"** ኣሎና ክንርኢ ኢና። ስለዚ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ትርጉም ባህርያት ራእይ እንታይ ምኳኑ ክንርኢ:

- **ኣብራሃም** – ንይስሓቕ ናይ ምርካብ ተስፋን – ጉዕዞኡ ብመገዲ እምነት ዝተጓዕዘ ሰብ ***(መልሰ-ግብሪ ምሃብ)***

    1. ናይ ኣብራሃም ራእይ እንታይ ነይሩ?
    2. ብከመይ መገዲ ተቀቢልዎ?
    3. ***መልሰ-ግብሪ ኣብራሃም እንታይ ነይሩ? (ነዛ ሕቶ ኣስፊሕካን ንዝበለጸ መልሲ ደሊኻ ሕተታ)***
    4. ንመልሰ-ግብሩ ብኸመይ ስዒብዎ (pursue it)?
    5. መልሰ-ግብሩ እንታይ ዓይነት ዋጋ ኣኽፊልዎ?

**መጠቃለሊ ሓሳብ** - ኩሎም ናይ ኣምላኽ ሰባት ንራእይኦም ከም ማእከላይ መትከል ብምሓዝ፣ ነቲ ራእይ ዝነበሩ ሰባት እዮም። ማእከላይ መትከሎምን ዓላምኦምን ድማ እቲ ራእይኦም ጥራይ እዩ ነይሩ።

- ነቲ እግዚኣብሄር ዝሃበካ ራእይ እንታይ ግብረ መልሲ ሂብካ? ብኸመይ መገዲ'ኸ?
- ኣብዛ ግዜ እዚኣ እግዚኣብሄር ንስለ ራእይኻ ህይወት፣ ንብረት፣ ሃገር ካልእ ኣገዳሲ ዝኾነ ዓይነት ነገር እንተ ዝሓተካ ምላሽካ እንታይ እዩ?
- **ብሓቂ መልስ ሕጂ!** ንራእይ ኣብዚ ዘለኻዮ ቦታ ወይ ንሃገርካ ምምላስ እንተ ትሕተት እንታይ ምመለስኻ?

3^ይ^ ሰሙን

## *ስርጸት ብዛዕባ ራእይ (Inspiration)*

***መሪሕ ጥቕሲ፣***

**ምሳ 29:18 "***ራእይ ዘልቦ እንተ ኾነ፡ ህዝቢ ስዲ ይኸይድ፡...።"*

***ናይ ምስትንታን ሓሳባት፣-*** ሕሰብ! ኣብ ማእከል ባሕሪ እንዳ ተጓዓዝካ መርከብ ተሰይራትካ፣ ተገፊዕካ ድማ ናብ ሓንቲ ደሴት ከምዝተጸጋዕካ ሕሰብ። ንስኻ ኣብ ማእከል ምንም ነገር ዘይብሉ፣ እንተ ጠመትካ ሰማይ እንተ ጠመትካ ድማ ባሕሪ ጥራይ ኣብ ዘለዎ ቦታ፣ እሞ ድማ ለይቲ ኮይኑ መስይካ። ኣብ ከባቢኻ እንታይ ከምዘሎ ኣይትፈልጥን ኢኻ። ኮይኑ ግና፣ ጸሓይ ከም ልማዳ ክትበርቕ እንከላ ግና እቲ ዘለኻዮ ቦታ ደሴት ምዃኑን ምንም ነገር ማለት ቴሌፎን ኮነ ፖስታ ዘይርከቦ፣ ኣዝዩ ጽምዋን ሰብ ዘይብሉን ኮይኑ ረኺብካዮ። ይኹን እምበር ሓንቲ ካብታ ዝተሰብረትካ መርከብ ዝተረፈት ንእሽተይ ጃልባ ሰብ ዘይብላ ረኺብካ። ንኸባቢኻ እንተረኣኻ ዝረኣየካ እቲ ሰማያዊ ሰማይን ባሕርን እንተዘይኮይኑ ካልእ የለን።

እምበኣር እታ መጀመርታ እትገብራ ነገር ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እንታይ እያ?

- ***ንመራሒ ሆምሰል:-***

    1. ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባል መልሲ መጀመርታ ስማዕን ተረዳኣዮን
    2. ብድሕሪ እዚ ነቲ ሓቀኛ (ክውንነታዊ) መንፈሳዊ ህይወት ብኸመይ ከምዝመሳለስዎ ሕተቶም?
        - *ንነፍሲ ወከፎም ድማ 10 ደቃይቕ ንክልቲኡ ኣወሃሂዶም ንክሓስቡን ንክምልሱን ሃቦም።*

ካብዚ ቀጺልና ንራእይ **"ብኸመይ ትቅጽሎን ኣይተቋርጾን"** ዝብል ክንርኢ ኢና። ስለዚ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ትርጉም ባህርያት ራእይ እንታይ ምዃኑ ክንርኢ:

- ***ነህምያ*** – ምህናጽ መካበብያ ዮርሳሌም – ብጥበብን ብምርሒትን ራእይኡ ዝቐጸለ ***(ራእይኻ ምቕጻል)***

    1. ናይ ነህምያ ራእይ እንታይ እዩ ነይሩ?
    2. ብኸመይ ራእይኡ ተቀቢሉ?
    3. ግብረ መልሲ ነህምያ ንራእይኡ እንታይ ነይሩ?
    4. ***ብኸመይ መገዲ ንራእይኡ ሰዒብዎ? (ነዛ ሕቶ ኣስፊሕካን ንዝበለጸ መልሲ ደሊኻ ሕተታ)***
    5. እንታይ ዓይነት ዋጋ ከፊሉ?

**መጠቓለሊ ሓሳብ** - ኩሎም ናይ ኣምላኽ ሰባት ንራእይኦም ከም ማእከላይ መትከል ብምሓዝ፣ ነቲ ራእይ ዝነበሩ ሰባት እዮም። ማእከላይ መትከሎምን ዓላምኦምን ድማ እቲ ራእይኦም ጥራይ እዩ ነይሩ።

- ንራእይኻ ንምቅጻሉ እንታይ መገዲ ተኸቲልካ? ብኸመይ መገዲ ራእይኻ ክትቅጽሎ ኢኻ?
- ኣብ ህይወትካ (ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወጻኢ) ክሳብ መወዳእታ ራእይኦም ዝፈጸሙ ትፈልጥ'ዶ? ጥቀሶም።
- ስለምንታይ ራእይኦም ዝፈጸሙ ይመስሉኻ?
- **ብሓቂ ሕጂ መልስ!** ናትኻ ናይ ህይወትኻ ራእይ ንምፍጻም እንታይ ክትገብር ኢኻ?

**4ይ ሰሙን**

## *ስርጸት ብዛዕባ ራእይ (Inspiration)*

***መሪሕ ጥቕሲ፣***

**እብ 12:2** "ናብቲ፡ ሕፍረት ንዒቑ፡ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጐስ ኢሉ መስቀል እተዐገሰን ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ጀማር እምነትናን ደምዳሚኣን የሱስ ንጠምት።"

***ናይ ምስትንታን ሓሳባት፣-*** ሕሰብ! ኣብ ማእከል ባሕሪ እንዳ ተጓዓዝካ መርከብ ተሰይራትካ፣ ተገፊዕካ ድማ ናብ ሓንቲ ደሴት ከምዝተጸጋዕካ ሕሰብ። ንስኻ ኣብ ማእከል ምንም ነገር ዘይብሉ፣ እንተ ጠመትካ ሰማይ እንተ ጠመትካ ድማ ባሕሪ ጥራይ ኣብ ዘለዎ ቦታ፣ እሞ ድማ ለይቲ ኮይኑ መስይካ። ኣብ ከባቢኻ እንታይ ከምዘሎ ኣይትፈልጥን ኢኻ። ኮይኑ ግና፣ ጸሓይ ከም ልማዳ ክትበርቕ እንከላ ግና እቲ ዘለኻዮ ቦታ ደሴት ምዃኑን ምንም ነገር ማለት ቴሌፎን ኮነ ፖስታ ዘይርከቦ፣ ኣዝዩ ጽምዋን ሰብ ዘይብሉን ኮይኑ ረኺብካዮ። ይኹን እምበር ሓንቲ ካብታ ዝተሰብረትካ መርከብ ዝተረፈት ንእሽተይ ጃልባ ሰብ ዘይብላ ረኺብካ። ንኸባቢኻ እንተረኣኻ ዝረኣየካ እቲ ሰማያዊ ሰማይን ባሕርን እንተዘይኮይኑ ካልእ የለን።

እምበኣር እታ መጀመርታ እትገብራ ነገር ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እንታይ እያ?

- ***ንመራሒ ሆምሰል:-***

    1. ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባል መልሲ መጀመርታ ስማዕን ተረዳኣዮን
    2. ብድሕሪ እዚ ነቲ ሓቀኛ (ክውንነታዊ) መንፈሳዊ ህይወት ብኸመይ ከምዝመላለስዎ ሕተቶም?
        - *ንነፍሲ ወከፎም ድማ 10 ደቃይቕ ንክልቲኡ ኣወሃሂዶም ንክሓስቡን ንክምልሱን ሃቦም።*

ካብዚ ቀጺልና ሓደ በዓል ራእይ **"ራእይኡ ንምፍጻምን ተግባራዊ ንምግባርን ክኸፍሎ ዘለዎ ዋጋ"** ክንርኢ ኢና። ስለዚ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ትርጉም ባህርያት ራእይ እንታይ ምዃኑ ክንርኢ:

- **የሱስ ክርስቶስ** – ንደቂ ሰባት ንምድሓን – ኣብ መስቀል ተሸንኪሩን ተሰቂዩን ***(ንራእይ ዝኸፈል ዋጋ)***

    1. ናይ የሱስ ክርስቶስ ራእይ እንታይ እዩ ነይሩ?
    2. ብኸመይ መገዲ ራእይ ተቀቢሉ?
    3. ግብረ መልሲ የሱስ ንራእይኡ እንታይ ነይሩ?
    4. ንራእይኡ ብኸመይ መገዲ ስዒብዎ (pursue it)?
    5. ***ንራእይኡ እንታይ ዋጋ ከፊሉሉ? (ነዛ ሕቶ ኣስፊሕካን ንዝበለጸ መልሲ ደሊኻ ሕተታ)***

**መጠቓለሊ ሓሳብ** - ኩሎም ናይ ኣምላኽ ሰባት ንራእይኦም ከም ማእከላይ መትከል ብምሓዝ፣ ነቲ ራእይ ዝነበሩ ሰባት እዮም። ማእከላይ መትከሎምን ዓላምኦምን ድማ እቲ ራእይኦም ጥራይ እዩ ነይሩ።

- ራእይኻ ንዝኸፍለካ ዋጋ ክትኸፍል ድሉው ዲኻ? እንታይ ዓይነት ዋጋ ክትኸፍል ኢኻ?
- ክሳብ ህይወት ንምኽፋል ድሉው ዲኻ?
- **ብሓቂ መልስ ሕጂ!** ራእይኻ ሃገር ምቕያር (ንኣሜሪካ ክትከይድ መጺኻ ኣብ ኬንያ ትረፍ/ ንኤርትራ ተመለስ) ዘኽፍል እንተኾይኑ እንታይ ምገበርካ?

**5ይ ሰሙን**

## *ስርጸት ብዛዕባ ራኢይ (Inspiration)*

***መሪሕ ጥቕሲ፣***

**2 ጢሞ 4:7-8** "ሰናይ ገድሲ ተጋዲለ፡ እቲ ጉያ ወዲኤ፡ ነቲ እምነት ሐልየ። ደጊምሲ ጐይታይ፡ ንሱ እቲ ጻድቕ ፈራዲ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ዚህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ።እዚ ግና ነቶም ምግሃዱ ዜፍቅሩ ዅላቶም ድማ እዩ እምበር፡ ንኣይ ጥራይ ኣይኰነን።"

***ናይ ምስትንታን ሓሳባት፣-*** ሕሰብ! ኣብ ማእከል ባሕሪ እንዳ ተጻዓዝካ መርከብ ተሰይራትካ፣ ተገፊዕካ ድማ ናብ ሓንቲ ደሴት ከምዝተጸጋዕካ ሕሰብ። ንስኻ ኣብ ማእከል ምንም ነገር ዘይብሉ፣ እንተ ጠመትካ ሰማይ እንተ ጠመትካ ድማ ባሕሪ ጥራይ ኣብ ዘለዎ ቦታ፣ እሞ ድማ ለይቲ ኮይኑ መስይካ። ኣብ ከባቢኻ እንታይ ከምዘሎ ኣይትፈልጥን ኢኻ። ኮይኑ ግና፣ ጸሓይ ከም ልማዳ ክትበርቕ እንከላ ግና እቲ ዘለኻዮ ቦታ ደሴት ምኳኑን ምንም ነገር ማለት ቴሌፎን ኮነ ፖስታ ዘይርከቦ፣ ኣዝዩ ጽምዋን ሰብ ዘይብሉን ኮይኑ ረኺብካዮ። ይኹን እምበር ሓንቲ ካብታ ዝተሰብረትካ መርከብ ዝተረፈት ንእሽተይ ጃልባ ሰብ ዘይብላ ረኺብካ። ንኸባቢኻ እንተረኣኻ ዝረኣየካ እቲ ሰማያዊ ሰማይን ባሕርን እንተዘይኮይኑ ካልእ የለን።

እምበኣር እታ መጀመርታ እትገብራ ነገር ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እንታይ እያ?

- ***ንመራሒ ሆምሰል:-***

    1. ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባል መልሲ መጀመርታ ስማዕን ተረዳኣዮን
    2. ብድሕሪ እዚ ነቲ ሓቀኛ (ክውንነታዊ) መንፈሳዊ ህይወት ብኸመይ ከምዝመላለስዎ ሕተቶም?
        - *ንነፍሲ ወከፎም ድማ 10 ደቃይቕ ንክልቲኡ ኣወሃሂዶም ንክሓስቡን ንክምልሱን ሃቦም።*

ካብዚ ቀጺልና በዓል ራእይ **"ንራእይኡ ንምፍጻም ክህልዎ ዘለዎ ቅንኣት"** ክንርኢ ኢና። ስለዚ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ትርጉም ባህርያት ራእይ እንታይ ምዃኑ ክንርኢ:

- **ጳውሎስ** – ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍ – ብሓይል ብጽንዓትን ምግዳል ***(ንራእይ ብቅንኣት ምህላው)***

    1. ናይ ጳውሎስ ራእይ እንታይ እዩ ነይሩ?
    2. ንራእይኡ ንኸመይ መገዲ ተቐቢልዎ?
    3. ግብረ መልሲ ንራእይኡ እንታይ ነይሩ?
    4. ***ንራእይኡ ብኸመይ መገዲ ሰዒብዎ? (ነዛ ሕቶ ኣስፊሕካን ንዝበለጸ መልሲ ደሊኻ ሕተታ)***
    5. ንራእይኡ እንታይ ዋጋ ከፊሉ?

**መጠቓለሊ ሓሳብ** - ኩሎም ናይ ኣምላኽ ሰባት ንራእይኦም ከም ማእከላይ መትከል ብምሓዝ፣ ነቲ ራእይ ዝነበሩ ሰባት እዮም። ማእከላይ መትከሎምን ዓላምኦምን ድማ እቲ ራእይኦም ጥራይ እዩ ነይሩ።

- ቅንኣት ዘለዎ በዓል ራእይ ትፈልጥ'ዶ? ካብኡ እንታይ ተማሂርካ/ተሞኪርካ?
- ንዘሎኻ ራእይ ቅንኣት ኣሎካ'ዶ? ንራእይኻ ዘሎካ ቅንኣት ተዛረብ?
- **ብሓቂ መልስ ሕጂ!** ናይ ራእይኻ ቅንኣት ኣጥፊእካዮ'ዶ ትፈልጥ? ብኸመይ ክትመልሶ ትሓስብ ነይርካ? ወይ ክትመልሶ ሓሲብኻ ኣይትፈልጥን ኢኻ?